TIGRINYA

# መግለጺ ናይቲ ብቤት ትምህርቲ DCSD ዚቐረብ ምግቢ ኣምልኪቱ ዚኽፈል ክፍሊት ዝወጸ ፖሊሲ

ኣብ DeKalb County, Georgia፡ ክልተ ኣብያተ-ትምህርቲ ኣውራጃ ኣለዋ፥ City Schools of Decatur ከምኡውን DeKalb County School District (*DCSD*)።

DCSD፡ ጥዕና ዚህብን መኣዛውን ምግቢ ኣብ ነፍስወከፍ መዓልቲ ትምህርቲ ትቕርብ። ነቲ ዝሕተትዎ ሕሳብ ናይ ምኽፋል ወይ ናይ ምውዳን ዓቕሞም ብዘየገድስ፡ መተካእታ ወይ ኣማራጺ ሜኑ ዘይብሉ ደረጃኡ ዝሓለወ ቊርሲ፡ ምሳሕን ጣዕሞትን ዝኾነ ኣብ መላእ ኣብያተ-ትምህርቲ DCSD ንዚርከብ ነፍስወከፍ ተማሃራይ ናይ ምቕራብ ናይ ነዊሕ ግዜ ልምዲ ኣሎ።

ክፍልታት ምግቢ ብሰነድ ከምዚተሓዝ ኮይኑ፣ ስድራቤታት ዝኽፍላኦ ዋጋ ምሳሕ ዚምልከት ሓበሬታታት ሚዛን ክስደደለን እዩ። እቲ ክፍሊታት፡ ኣብ ምሉእ ዓመተ-ትምህርቲ ኪግበር ይከኣል እዩ።

DCSD፡ ናጻን ጉደሎ ዝዋግኡን ምግብታት ንኽረኽቡ ብቑዓት ዝኾነ ተማሃሮ ልዕሊ 82% ኣለዋ። ኣውራጃ፡ ነቲ ዘሎ ሚዛን ክፍሊት ምግቢ ንምጕዳል ወይ ምሉእ ብምሉእ ንምሽፋን፡ መደብ ኣከፋፍላ፡ ገንዘባዊ ሓገዝ ኮም ወይ ፕሮግራማት መንግስቲ ከምዚህሉ ብምግባር፡ ነቲ ዘሎ ውንዙፍ ክፍሊታት ኣብ ምኽፋል ምስ ስድራቤታት ብሕያውነት ንኽትዓዩ ትጽዕር እያ።